ሓባራዊ ኮሚስዮን
ምምስራት ሰልፊ
ክፍሊ ዜናዊ ጉዳያት

المفوضـــــية المشـــــتركة
لتاســـيس الحـــزب
قسم الشؤونِ الاعلامية

Joint Party Formation Commission
Department of Information

## ዕላማና ንዕብለላን ጭቆናን ምልክን ምውጋድ ኢዩ

25.02.2008

ዝኾነ ይኹን ውድብ ወይ ሰልፊ ክምስረት እንከሎ ክሰፍሕ፡ ክዓቢ፡ ክጸሉን ከድምዕን ድኣ'ምበር፥ ክጸብብ፡ ክንእስ፡ ክዳኸምን ክለምስን ኢሉ ዝምስረት ወይ ዝሰርሕ ውድብ ይኹን ሰልፊ ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ናይ ሓደ ሰልፊ ወይ ውድብ ናይ ምዕባይን ምስፋሕን ዕላማን ጻዕርን እምበኣር፡ መግለጺ ናይ ምዕብላልን ምብሓትን ድሌታቱ ኰይኑ ክቐርብ ቅኑዕ ኣይኰነን።

ብተወሳኺ፡ ካብ ግንባር ናብ ሰልፊ ምስግጋር ምስ ምጽባብን ምስፋሕን፤ ከምኡ ድማ ምስ ምዕብላልን ዘይምዕብላልን ከተሓሕዝዎ ዝፍትኑ ሰባት ውን ኣለዉ። እዚ ውን ግጉይ ኣርኣእያ ኢዩ። ግንባር ይኹን ሰልፊ፡ ኵሉ መሳርሒታት ናይ'ቲ ክትበጽሖ እትደሊ ዕላማታት ደኣ'ምበር፡ ንገዛእ ርእሱ ዕላማ ስለዘይኰነ፡ ንሓደ መዕብለሊ ነቲ ካልእ ድማ ካብ ዕብለላ መናገፊ ገርካ ምግላጹ ግጉይ ኢዩ።

ክዕብልሉን ክብሕቱን ዝደልዩ ውድባት ወይ ሰልፍታት፡ ብህላወ ናይ ካልኦት ዘይኣምኑ፡ ዲሞክራሲ ክሰፍን ዘይደልዩ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዘየኽብሩ፡ ብናጻ ውድድራት ዘይኣምኑ፡ ዝበልናካ ፈጽም ኣይትሕተት ዝብሉ፡ ሃብትን ስልጣንን ኣብ ኢድ ውሑዳት ክኸውን ዝደልዩን ኢዮም።

ስለ'ዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤኡ፡ ኵልና እቶም ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘሎና ውድባት፡ ውድባትና ኣፍሪስና ሓደ ሰፊሕ ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ሰልፊ ንመስርት፤ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ፍልልያት መዋእሉ ኣኺቲሙ'ዩ፡ ነዚ ሓድሽ መዋእል ብሓድሽ ኣተሓሳስባን ብሓድሽ ኣገባብን ንግጠሞ ምባሉ ክነኣድ እምበር ክኽሰስ ኣይግብኦን ኢዩ። ንሕና፡ ኣባላት ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ድማ፡ ነዚ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተወሰደ ተበግሶ ነመጕሶ ኢና። ካልኦት ውድባት ውን ከምኡ ክገብሩ ኢና እንብህግ። መሰረታዊ ዕላማና፡ ኣብ ኤርትራ ብዙሓት ሰልፍታት ዝዋስእሉ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክህሉ፤ ሰላምን ዲሞክራስን ፍትሕን ብልጽግናን ክነግስ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ቅዋም ክህሉ፡ ግዝኣተ-ሕጂ ክነግስ፡ ብመሰረት'ዚ ቅዋምን ሕግን'ዚ ድማ ኣብ መንጐ ሰልፍታት ናጻ ውድድራት ክህሉን ንጽሁን ፍትሓውን ምርጫታት ክካየድ ኢና ንደሊ።

ህዝብን ፖለቲካዊ ውድባትን ርእይቶታቶም ክህብሉን ከሀብትምዎን ብዝብል መንቀሊ፡ ናብ ህዝቢ ዝዘርጋሕናዮ ንድፊ ፖለቲካዊ ዕላማና ውን ነዚ ሓቒ'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ። እስከ፡ ገለ ካብ'ቲ ኣብ'ቲ ንድፊ ሰፊሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ዕላማታት ንመልከት።

ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ፡ ዕላማ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ዕላማ ሰልፍና፡ ሓድነት ህዝባን መሬታን ዘዕቈበት፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፡ ብዲሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) እትምሓደር፡ ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብር ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ ኢዩ ይብል።

ቀጺሉ፡ ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ንድፊ፡ እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ሰፊሩ ይርከብ።

1. **ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ምርግጋጽ፡-**

1.1. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት፡ ጸረ ኵሉ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝብና ብምኳኑ፡ ንሱ ከየልገሰ፡ ዕላማ ሰልፍና ይኹን፡ ባህግታት ህዝብና ክረጋገጽ ስለዘይክእል፤ ኣብ'ዚ መደረኽ'ዚ ቀንዲ ቃልስና" ንምልካዊ ስርዓት ብምውዳቕ፡ ኣብ ቦታኡ ንኹሉ መሰላት ህዝብና ዘኽብር ኣብዝሓ ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ኢዩ፤

1.2. መሰል ምውዳብ፡ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ከምኡ ውን፡ መሰል ሰላማዊ ተቓውሞ ምኽባር፤

1.3. ነጻነት እምነት ምኽባር፡ ኣብ እምነት እተመርኰሰ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎን ጽቕጠትን ምውጋድ፤

1.4. ማዕርነት ኵሎም ዜጋታት ምኽባር፡ ኣውራጃዊ፡ ብሄራውን ዓሌታውን ኣድልዎን ጽቕጠትን ምውጋድ፤

1.5. መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ምኽባር፡ ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎን ጽቕጠትን ደቂ ኣንስትዮ ምውጋድ፤

1.6. መሰል ህጻናት ምኽባር፡ ፍሉይ ሕጋውን ማሕበራውን ሓልዮት ምግባር፤

1.7. ንሰብኣዊ መሰላት ዝከላኸላ ሲቪላዊ ማሕበራትን ሞያዊ ትካላትን ክቔማን፤ ስርሐን ብምሉእ ናጽነት ከካይዳን ምትብባዕ፤

1.8. መሰል ምቛም ፖለቲካዊ ማሕበራትን ሰልፍታትን ምርግጋጽ፤

1.9. ካብ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ማሕበራትን ናጻ ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ስልጣን ናይ ምውድዳር መሰሎም ሕልው ክኸውን ምቅላስ፤

1.10. ብህዝበ ውሳኔ ዝጸደቐ ሕገ-መንግስቲ ብህዝበ ውከሳ ክፈርስ ወይ ክትካእ ይኽእል።

2. **ንሚዛን ሓይሊ ዝሕሉ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን እተመርኰሰ መንግስቲ ንምቛም ምቅላስ፡-**

2.1. ብናጻ ተሳትፎን ምርጫን ህዝቢ ኤርትራን ውድባቱን ሰልፍታቱን ሕገ-መንግስቲ ምጽዳቕ፤

2.2. ስልጣን ማእከላይ መንግስቲ፡ ኣብ መንጎ ሓጋግን ፈጻምን ተኸፋፊሉ፡ ናጻ ቤት ፍርዲ ዘለዎ ቅርጺ ክሕዝ፤

2.3. ማእከላይ መንግስቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ዝውክል ክኸውን፤

2.4. መንግስታዊ ስልጣን፡ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ በብደረጃኡ ተኸፊል፡ ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ምምሕዳር ነብሱ ተሳታፊ ክኸውን ዘኽእሎ ብሕገ-መንግስቲ

እተረጋገጸ ዘይምእኩል ቅርጻ ምምሕዳር ክኸውን። ምክፍፋል ምምሕዳራዊ ኣካላት ነቲ ታሪኻዊ ኣቋውማ ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ሃገርና ዝሕሉን ዘኽብርን ቅርጺ ክሕዝ፤

2.5. ኣብ ስልጣን ንምምጻእ ይኹን ካብ ስልጣን ንምውራድ፡ ሕገ-መንግስቲ ብዘፍቀዶ መሰረት ብዲሞክራስያዊ ምርጫ ህዝብን ብሕጋዊ ቀጥዒ ምርጫን ክኸውን፤

2.6. ዝቖውም መንግስቲ ዓልማናዊ መንግስቲ ክኸውን፤

2.7. ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ክኾና። ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ውን ክዓብያን ክምዕብልና ዘኽእለን መሰል ክምዝረኽባ ምግባር ይብል።

ናጻ ኮሚሽና ዝቃለሰሉ ዕላማታት እምበኣር፡ ንዕብለላ፡ ጭቆና፡ ምልኪ፡ ኣድልዎ ንምውጋድን ኣብ ክንድኡ ድማ ዲሞክራሲ፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ሰላምን ብልጽግናን ንምስፋን ምኳኑን ብሩህ ክኸውን ንደልዮ። ኵሉ ኤርትራዊ ዜጋ ድማ፡ ነዚ ንድፊ'ዚ ንምምሕያሽን ንምእራምን ንምህብታሙን ግዲኡ ክጻወት ንዕድም።